# ብ ኡሳት ምዕራቅ

ዳር - አል - ኑር

ካሊፋ ሐማድ እስማዕል

ዓብዱልቃድር ሙሐመድ አዋል

# الإصلاح بين الناس

دار – النور

خليفة حمد اسماعيل

عبد القادر محمد أول

بسم الله الرحمن الرحيم

ክቡራት ሙእምኒን!

እስልምና ዲን ፍቕርን ምትእኽኻብን፡ ዲን ምትሕግጋዝን ሕውነትን፡ ጠርናፍን ኣተዓራቕን፡ ልቢ ሙእምኒን ኣብ ሓደ ጠርኒፉ ቅርሕንቶም ዝኣለየ፡ ቃሎም ሓደ ጌሩ ንሓቂ መሪሕዎም። ብመንገዲ እስልምና ፋሕ ፋሕ ኢለን ዝነበራ ልቢ ተኣኪበን፡ ተረሓሒቐንን ተጻሲኤንን ዝበነራ ነብሲ የሕዋት ኮይነን፡ ከም ሓንቲ ዘይነጻጸላ ኣካል ድማ ተሓቃቂፈን።

እዚ ብኢማን ዝተሰረተ ሕውነትን ፍቕርን እዚ፡ እስልምና ክንከናኸኖን ክንሕልዎን፡ ንዕርቅን ምትእኽኻብን ቀዳምነት ሂብና ክንሰርሕ፡ ካብ ጽልኢ፡ ምቁርራጽ፡ ሕቆ ንሕቆ

ተወሃሂብካ ካብ ምኻድን ባእስን ድማ ክንርሕቕ ተሓቢሩና። ረሱል (ሰ.ዓ.ወ) ባእስን ቅርሕንትን ክሳብ ክንደይ: ኣብ ሂወትና ጥራይ ዘይኮነስ ኣብ ዲንና ከይተረፈ ሓደገኛ ምኻኑ ከብርሁ እንከለው:

دَبَّ إِلَيْكُمْ دَاءُ الأُمَمِ قَبْلَكُمْ؛ الحَسَدُ وَالبَغْضَاءُ ، وَالبَغْضَاءُ هِيَ الحَالِقَةُ، لَا أَقُولُ تَحْلِقُ الشَّعَرَ وَلَكِنْ تَحْلِقُ الدِّينَ

"ሕማም ቀዳሞት ይስዕርረኩም ኣሎ: ቅንእን ጽልእን: ቅርሕንቲ ለጻይቶ እያ: ንጸጉሪ ዘይኮነስ ንዲንካ እያ ትላጺ" ኢሎም። ነዛ ንዲን ትላጺ እንተደኣ ኣስተብሂልናላ: ደቂ ሰባት ኢማኖም ምስደኺመ: ምስ ረቦም ዘልዎም ርክብ ምስ ላሕለሐ: ደድሕሪ ኣዱንያ ክጎዩ ምስ ጀመሩ: ኣዱንያ ድማ ሕልሞምን

ናይ መወዳእታ ሽቶኦምን ምስኮነ: ሽዕኡ ጽልኢ የስፋሕፍሕ: ምቁርራጽ ይበጽሕ: ሽለል ምባልን ዘይምግዳስን ይስዕርር። ምእንቲ መን እንተበልካ: ምእንቲ እዛ ሓላፊት ኣዱንያን በናኒ ዝኾነ ጊዜያዊ ትሕዝቶኣን። ረቢ (ሱ.ወ) ኣብ ቁርኣን: እንተደኣ ብሓቂ ብኣላህን ብረሱልን ትኣምኑ ኮንኩም: ረቢ ፍርሑ: ኣብ ሞንጎኹም ድማ ተሰማምሑ (ኣብ ነንሕድሕድኩም ሰላም ግበሩ) ክብል ኣዚዙና።

فَاتَّقُوا اللَّهَ وَأَصْلِحُوا ذَاتَ بَيْنِكُمْ وَأَطِيعُوا اللَّهَ وَرَسُولَهُ إِنْ كُنْتُمْ مُؤْمِنِينَ

ነዚ ነገር እዚ ዘይገብሩ እንተኾይኖም ግና ኼይር ከምዘይብሎም: እቶም ምእንቲ ኣላህ ኢሎም ብሰደቓ: ብሰናይ ግብርን: ብምትዕራቕ ደቂ ሰባትን ዝእዝዙ ሰባት ግና

ዓቢ ኣጅሪ ይጽበዮም ከምዘሎ ከምዚ ክብል ይሕብር፡

لَا خَيْرَ فِي كَثِيرٍ مِنْ نَجْوَاهُمْ إِلَّا مَنْ أَمَرَ بِصَدَقَةٍ أَوْ مَعْرُوفٍ أَوْ إِصْلَاحٍ بَيْنَ النَّاسِ وَمَنْ يَفْعَلْ ذَلِكَ ابْتِغَاءَ مَرْضَاتِ اللَّهِ فَسَوْفَ نُؤْتِيهِ أَجْرًا عَظِيمًا

ኣብ ካልእ ኣያ፡ ሙእምኒን ኣብ ነንሕድሕዶም የሕዋት እዮም፡ ምስ በለ፡ ኣብ ሞንጎኹም ተዓረቑ (ሰላም ግበሩ)፡ ረቢ ፍርሑ ምእንቲ ራሕማ ናይ ረቢ ክትረኽቡ ይብል።

إِنَّمَا الْمُؤْمِنُونَ إِخْوَةٌ فَأَصْلِحُوا بَيْنَ أَخَوَيْكُمْ وَاتَّقُوا اللَّهَ لَعَلَّكُمْ تُرْحَمُونَ﴾

ነቲ ይቕረ በሃሊ፡ ኣብ ልቡ ቅርሕንቲ ዘይሕዝ፡

ነገራት ሸለል ኢሉ ሊላህ ኢሉ ዝሳምሕ ሰብ: ዓስቡ ካብ ረቢ እዩ ክብል ይገልጾ። እዚ ማለት መቑጻሪ የብሉን ረቢ ጥራይ እዩ ዝፈልጦ::

فَمَنْ عَفَا وَأَصْلَحَ فَأَجْرُهُ عَلَى اللَّهِ

ክቡራት ሙእምኒን!

ምትዕራቕን ኣብ ሞንጎ የሕዋትን ሰላም ምዝራእን ዓቢ ነገር እዩ: ኣጅሩ'ውን መጠን ኣልቦ እዩ። እቲ ኣብ ሕብረተ.ሰብ ኣወንታዊ ጽልዋ ኣሕዲሩ ንደቂ ሰባት ዝጠራነፈን ዘተዓረቐን: ልቦም ኣስሚሩ እህትታ ልቦምን ናይ ጽልኢ ቃንዝኦምን ዝፈወሰ ሰብ ረቢ ደልይሉ ንኼር ተወፊቑ። ረሱል (ሰ.ዓ.ወ) ኣብ ሓዲስ: እቲ ዝበለጸ ሰደቓ ኣብ ሞንጎ ሰባት ከተቀራርብ (ክትዓርቕ) እዩ ኢሎም።

أَفْضَلُ الصَّدَقَةِ إِصْلَاحُ ذَاتِ الْبَيْنِ

ኣብ ካልእ ሓዲስ: ''ክነግረኩም ዶ ሓደ ተግባር ካብ ደረጃ ጾም: ሰላትን ሰደቓን ዝበለጸ (ካብ ፈርዲ ዘይኮነስ ካብ ሱና ማለቶም እዩም)'': ምስ በልዎም ንሰሓባ: ''እወ ንገሩና ያረሱሉላህ'' በልዎም: ''ኣብ ሞንጎ ሰባት ከተዐርን ክትዓርቕን'' ክብሉ ሓበርዎም። ስለዚ እዚ ካብ ኮነ ዓስቡን ኣገዳስነቱን: ኩላትና ብዝከኣለና ዓቕምን ሓይልን ነዚ ሰናይ ተግባር ኣብ ግብሪ ከነውዕሎ: ኣብ መስርሕ ምትዕራቕ ድማ ወላ ንእሽተይ ትኹን ከይነዓቕና ክንሰርሓላን ከነተግብራን ይግበኣና: ወላ ንኽልተ ብዕድመ ነኣሽቱ ዝኾኑ ኣቆልዑት'ውን ይኹን ሸለል ከይበልና ከንተዓርቕን ከነቀራርብን። ኣብ ሞንጎ ሰብኣይን ሰበይትን: ኣብ ሞንጎ የሕዋት ደቂ ኣቦን ደቂ ኣደን: ኣብ ሞንጎ የዕሩኽትን

መሓዙትን፡ ኣብ ሞንጎ ጎረባብቲ፡ ኣብ ሞንጎ መሳርሕትን መዋዕልትን ንዝህሉ ጽልእን ቅርሕንትን ምእላይ ማለት ሕማም ጽልኢ ምእላይ ማለት ስለዝኾነ ንተዓጠቐሉ። እቲ ኣብ ሞንጎኦም ኣትዩ ንእኩባት ዝበተነ፡ ነሕዋት ዘበኣሰ፡ ንሰብ ሓዳር ዘፋትሐ ድማ ረቢ ጸሊእሉ መንገዲ ጥፍኣት መሪጹ፡፡ ምኽንያቱ ዝቖመት ገዛ ንኸፍርስ፡ ንእኩብ ክበታትን፡ ንደቂ ሓንቲ ማህጸን ጋኖት ክገብር፡ ናይ ዕድመ ምሉእ ዕርክነት ክዘርግ እንኮሎ ካብዚ ዝኸፍእ በደልን ብልሽውናን የልቦን።

اللّٰهُمَّ أَلِّف بين قلوبنا ، وأصلح ذات بيننا ،

واهدنا سبل السلام